BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## ስድራ-ቤት: ቈልዑ’ዶ ኣሎኹም?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቛንቛ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ ንተምሃሮ ቛንቛ እንግሊዘኛ ንምዝርራብ ዝሕግዝ ኣድላዪ መደብ’ዩ።  ኣነ ተመስገን እበሃል።  ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል ብኸመይ ኣገባብ ንሰባት ቈልዑ እንተ’ሎዎም ክትውከሱዎም ዘኽእል ትምህርቲ ክትመሃሩ ኢኹም።   ሕጂ ክልተ ሰባት ብዛዕባ ደቆም ክዕልሉ እንከለዉ ንከታተል።

***Debbie***
*Do you have any children?*

**Michael**
*Yes, we have a son.*

**Debbie**
*How old is he?*

**Michael**
*Our son is five.*

**ኣቕራቢ ቛንቛ ትግርኛ**
እዚ ናይ ክልቲኦም ዕላል ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ስለዝኾንና ክብድ ዝብል እንተመሲሉ ኣይትሻቐሉ። ብመጀመርታ ደቢ ን ማይክል “ቈሎዑ ኣሎዉኻ’ዶ?” ኢላ ሓቲታቶ። “Do you have any children?” ሓደ ሰብ ክንደይ ቈልዑ ከም ዘሎዎ ክትዉከሱ እንከለኹም ‘any’ ዝብል ቃል ድሕሪ ‘do you have’ ክትዉስኹሉ የድሊ.። ሰሚዕኩም ድገሙ።

**Insert**
*Do you have any children?*

**ኣቕራቢ ቛንቛ ትግርኛ**
ሽዑ ማይክል “እወ፡ ሓደ ወዲ ኣሎና” ኢሉ መሊሱ። ‘Yes, we have a son.’ ። “እወ . . .  ኣሎና” ኢሉ መለሰ - ‘Yes, we have...’ ክንደይ ቈልዑ ከም ዘሎዎም ዚገልጽ ኣሃዝ ወሰኸሉ።  ንስኹም ኸኣ ወዲ ወይ ጓል ከም ዘለኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ።  ሰሚዕኩም ድገሙ።

**Insert**
*Yes, we have a son.*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ደቢ ንማይክል “ክንደይ’ዩ ዓመቱ?’ ኢላ ሓቲታቶ - ‘How old is he?’ ኣስተውዕሉ፡ ደቢ ‘he’ ዚብል ቃል’ያ ተጠቒማ - ብዛዕባ ወዲ ስለዝኾነ። ማይክል ወድን ጓልን እንተ ዝነብሩዎ፡ ደቢ ‘they’ ዝብል ቃል ምተጠቐመት ነይራ፡ ወይ ድማ ማይክል ሓንቲ ጓል እንተትነብሮ ‘she’ ምተጠቀመት ኔርና።
ሰሚዕኩም ድገሙ።

**Insert**
*How old is he?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ማይክል፡ ኣብ መወዳእታ፡ ‘ወድና ሓሙሽተ ጌይሩ’ ‘Our son is five.’ ኢሉ። ማይክል ንደቢ ዕድሜ ዉላዱ ክነግራ ኸሎ “Our son is ...” ዝብል ሓረግ ተጠቒሙ - ኣሃዝ ናይ ዕድሜኡ ኸኣ ኣጥቢቑ ወሲኹሉ።

ሰሚዕኩም ድገሙ።

**Insert**
*Our son is five.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝበልኩምዎ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት፡ ብዛዕባ ደቆም ክተሓታቱ ከሎዉ ዝበልዎ ንምንጽጻር ስምዑ።

*Do you have any children?*
*Yes, we have a daughter.*
*How old is she?*
*She’s four.*

*Do you have any children?*
*Yes, we have a son.*
*How old is he?*
*He’s seven.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ደጊምና ክንፍትነን ኢና። ነተን ናይ እንግሊዘኛ ምሉኣት ሓሳባት ሰሚዕኩም ድገምወን። ነፍስወከፍ ምሉኣት-ሓሳባት ሓሓንቲ ግዜ ክትሰምዕወን ኢኹም።

*Do you have any children?*

*Yes, we have a son.*

*How old is he?*

*Our son is five.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ’ምበኣር ካብዚ ዝተማሃርኩምዎ ክሳብ ክንደይ ክትዝክሩ ከም እትኽእሉ ንርአ። ነተን ሓረጋት ብቋንቋኹም ምስ ሰማዕኩም ናብ እንግሊዘኛ ተርጕምኩም ኣቕርቡወን።

*ቈልዑ ኣለዉኹም’ዶ?*
*Do you have any children?*


© British Broadcasting Corporation 2018

*እወ፡ ሓደ ወዲ ኣሎና።*
*Yes, we have a son.*

*ክንደይ'ዩ ዕድሚኡ?*
*How old is he?*

*ወድና ሓሙሽተ'ዩ ዓመቱ።*
*Our son is five.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ነዚ ኣገባበ ኣዘራርባ ተጠቂምኩም ብዛዕባ ደቅኹም ክተዕልሉ ትኽእሉ። ንደቢ መልሲ ብምሃብ ተለማመዱ።

*Do you have any children?*

*How old is he?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ነቲ ዝነበረ ዕላል ብምልኡ ብምስማዕ ምስ መልስታትኩም ኣነጻጽሩ።

***Debbie***
*Do you have any children?*

**Michael**
*Yes, we have a son.*

***Debbie***
*How old is he?*

***Michael***
*Our son is five.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ደጊም ምስ ካልኦት ሰባተ ብዛዕባ ደቅኹምን ደቆምን ብኸምዚ ኣገባብ ክተዕልሉ ትኽእሉ። እዚ ዝተማሃርኩምዎ ምስ መሓዙትኩም ብምኳን ደጋጊምኩም ምልምማድ ኣይትረስዑ። ምሳና ብምጽናሕኩም የመስግን። ኣብ ዝቕጽል መደብ Everyday English ክሳብ ንራኸብ፡ ሰሰናዩ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018